# ዝኽሪ ሳልሳይ ዓመት፡
# ታሪኻዊ ሰልፊ ህዝባዊ መኸተ፡

ሰለስተ ዓመት እንገብር፡ ብ22 የካቲት 2010፡ ኣብ መላእ ዓለም ዝርከቡ ኤርትራውያን፡ ኣንጻር'ቲ ኣዝዩ ዘሕንኽ ዘይሕጋዊ እገዳ ክኹኑኑን ተቓውሞኦም ከስምዑን፡ ብዘይ ሓደ ቅድመ ኩነት ድማ ብቕልጡፍ ክስረዝ፡ ንፍትሒ ክጽውዑ፡ ኣብ ኣርባዕተ ኣገደስቲ ዓበይቲ ከተማታት ዓለም፡ ኣብ መልበርን፡ ጀነቭ፡ ሳን ፍራንሴስኮን ዋሺንግቶን ዲስን፡ ተረኺቦም ነቲ ዓብን ታሪኻውን ሰልፊ መኸተ ዘወደብሉ ዕለት ምንባሩ እዝከር።




ንቕዱው ዝምድና ህዝብን መንግስትን ዝፈላሊ -ግዳማዊ ሓይሊ የልቦን!

እወ! ኤርትራውያን ነዚ ዘደንጹን፡ ግን ከኣ ብተደጋጋሚ ኣብ ልዕሊኦም ክፍጸም ዝጸንሐ በደላት፡ ኣብ ትሕቲ ዝኾነ ይኹን ኩነታት፡ ካብ ዝመጸ ይምጻእ፡ ዓይኖም ዓሚቶም፡ ኢዶም ኣጣሚሮም ዝርእዩ ዜጋታት ከምዘይኮኑ፡ እቲ ዉሳነ ምስ ሓለፈ፡ ብነድሪ ከይወዓሉ ከይሓደሩ፡ ኣብ ዘዘለውዎ ስሉጥን ዓብን፡ ዘሰንበር ሰልፊ ክውድቡ፡ ኩነታት ሓያል ቀዝሒን በረድን ድምብርጽ ከይበሎም፡ ምርሕሓቕ ስፍራ ከየታረፎም፤ ኩሉ ዜጋ ዓቢ ምስ ንእሽቶ ወዋኒኑ ጠንጢኑ፡ ተማሃራይ ትምህርቱ፡ ሸቃላይ ስርሑ ኣወንዚፉ፡ ሕሙም ካብ ዓራቱ ወሪዱ ሙርኩሱ ሒዙ፡ ንድሕነትን ሓድነትን ሃገር ክከላኸል፡ ዳግም ንትምክሕቲ ተጻባእቱ ርእሶም ዘድነነ ውዕሎ ዘይከማህ ጽንዓት ኣብ ዓለም ኣመዝጊቡ፡፡




ደቂ ሓድ ልቢ - ንሕና መንግስቲና፣ መንግስትና ድማ ንሕና!

ሃንዳሲ ናይ'ዚ ሓደገይኛ ውጥን፡ ብቐንዱ ብምምሕዳር ኣመሪካ ዝረቐቐ፤ ኣብ'ቲ መሽጎራጉር ብፍሉይ እተሓዝአ ቤት ምኽሪ ጸጥታ ውድብ ሕቡራት ሃገራት፡ ብምትላል ኣጸሚዮም ከጸድቕ ዝገበሩ፤ ታሪኽ እቕረ ዘይብሎ ተደጋጊሙ ኣብ ልዕሊ ህዝብና ክፍጸም ዝጸንሐን ዘሎን በደል'ዩ።

ንምንታይ እዩ እዚ ኹሉ ተጻብኦ እንተተባህለ፡ መልሱ፡ ኣብ ስልጣን ዘዝመጹ፡ ዝተፈላለዩ ምምሕዳራት ኣመሪካ፡ ኣብ ቀርኒ ኣፍሪቃ ክኽተልዎ ዝጸንሑ ግጉይ ፖሊሲታት፡ ንሕና ኤርትራውያን፡ ኣሜን ኢልና ስለ ዘይተቐበልና፡ ኣካልን ኣሳሰይትን ናይ'ቲ ዓመጻትን በደላትን ክንከውን፡ ርእስና ኣድኒና ስለ ዘይሰገድናን ዘይተማእዘዝናን እምበር፣ብቀጥታ ዝኣበስናዮ ሓጥያት ኣይነበረን፡፡ ኔሩ እውን ኣይፈልጥን።

ንኽንቅጻዕ ከኣ ተፈሪድና። በዚ መሰረት ምስ'ቲ ኣብ ኣዲስ ኣበባ ዘሎ ከዳሚ ስርዓት ጸግዒን ሻራን ክሕዙ ምጽንሖም፡ ***ኣብ'ዚ ቀረባ እዋን፡ ጸሓፊ ወጻኢ ጉዳያት ኣመሪካ ነበር ሚስተር ሀርማን ኮሄን ደጊሙ ኣሚኑሉን ጸቒጡ ኣረጋጊጽዎን ኣሎ።*** ኮይኑ ኸኣ፤ ነቲ ኣብ ኣህጉራዊ ቤት-ፍርዲ ዘረጋገጽናዮን፡ ዋንነት ባድመ፡ መሬትና ምኻኑ ረቲዕና እንከለና፤ ወያነ ካብቲ ስፍራ ለቒቑ ክወጽእ ስለ ዘይተዋሕጠሎም፡ ንስዕረት ወያነ ከም ናቶም ስዕረት እዮም ቆጺሮሞ። ካብ መሬትና ንኸይወጽእ መኺሮም፡ ኣብ ልዕሊኡ ዝኾነ ስጉምቲ ንኸይውሰድ እሕለቑሉን እከላኸሉሉን ከኣ ኣለዉ።

ካብ ከም'ዚ ዓይነት ደንባር ህልኽ ዝነቐለ፡ ነቲ እንኸዶን እነመዝግቦን ዘሎና ምዕባሌታት ንምግታእ፡ ካልእ ሕማቕ መናወራ ክኣልሙን ክጣበቡን መዲቦም። ነዚ ተባዕ ብርእሰ-ምትእምማን ዝልለ መንግስትና ከም "ዘራግ ሰላም ጠንቂ ዘይምርግጋእ ቀርኒ ኣፍሪቃ" ክኸስዎን ከነውርዎን፤ (እዚ ሓደ ፍሉጥ ቅዲ ካብ 2003 ጀሚሮም ኣብ ዝተፈላለያ ሃገራት ክሰርሕሉ ዝጸንሑ ልሙድ ኣዕናዊ ውጥን) እሞ ኣማስይኡ ድማ፡ ምስ ማሕበረ-ሰብ ዓለም ዝጸንሖ ፖለቲካውን ቁጠባውን ዝምድናታቱ ከባትኽዎ፤ ብውሽጥን ወጻእን ህዝቢ ኣሰናቢድካ ኣንጻር መንግስቱ ከተላዓዕሎ፡ ኣብ ውሽጢ ሃገር፡ ማሕበራውን ቁጠባውን ዕልቕልቅ ክግንፍል፡ ክውን ከም ዝኸውን እውን ከም ውዱእ'ዩ ተወሲዱ ኔሩ፡፡

ድሕሪኡ ዝተርፍ ስራሕ፡ ነቲ ክኽሰት እዩ እተባህለ ቅልውላዋት፡ ከም መኽሰብ ተወሲዱ፡ ኢዶም ብቀጥታ ከእትወሉ ዘኽእል ፈቓቕ ክርሖ፡ ካብ ዝብል ፋሽሽታዊ ሕልና ዝተበገሰ ባህጊ ነዳያት ምንባሩ። ኣብ ዓመታት 2011-12 ዝተጋህዱ ተርእዮታት ድማ ነዚ ሓቂታት እዚ እዮመ ዘንጸባርቑ። ብዙሕ ዝመልከዓቱ ወስታታት ከኣ

ተጋሂዶም። ከይተበገሰ ዝበርዓነ ተልእኾ ኣምነስቲ ኢንተርናሽናል፤ እንግሊዛዊ ትካል "ድሕነት ኣንጻር ቅርሰና" ብዝብል ጉልባብ ኣጽዋር ኣብ ዴሴታት ባሕሪ ኤርትራ ክኸዝኑ፡ ኣባላቱ ኢድ ብኢድ እተቐፈዱ.....ኣብ መዓርፎ ነፈርቲ ኣስመራ እተታሕዘት፡ መሳርሒ ኣቕሑ ዝጸዓነት ነፋሪትን መራሕታን.. ካልእን፡ ባዕላቶም ዝዛረቡ ሓቅታት ተጋሂዶም እዮም። ( ምስጢራት ዊኪሊክ ኣተንቢህዎ ዝነበረ)




ካልኣይ ታሪኻዊ ክሕድት ውድብ ሕቡራት ሃገራት

እዚ ዝተባህለ እንተዘይሰለጥ ከም መሐለውታ ኣማራጺ መደብ፤ ወያነ ኣብ ኤርትራ ወታሃደራዊ ወራር ንክኸፍት፡ ዘኽእል እቲ ናይ ማዕቀብ ውሳነ፡ "ምውላዕ ቀጠልያ መብራህቲ" እውጅ ኩናት'ዩ ኔሩ። ኮይኑ እውን ኣብ መጋቢት 2012 ብኽልተ መኣዝናት ጠርበሸበሻት ሪኢና ኔርና። (መንግስትና ብህድኣትን ዓቕልን ሒዝዎ) እዚ ነብስና ከይንከላኸል፡ ኣህግራዊ ሕጊ ዝጥሕስ፡ ሕጊ ከረጋግጽ ዝግብኦ ኣካል፤ ውድብ ሕቡራት ሃገራት፡ ንኻልኣይ ግዜኡ፡ ብኢድ ወየንቲ፡ ኣብ ልዕሊ ህዝቢ ኤርትራ ውግእ ኣዉጁ።

እዚ ኹሉ ዘስደምም ፈተነታት ሕጂ ተመሊስካ ክትርእዮ እንከለካ፡ ዝሓለፈ ሰለስተ ዓመት፡ ኣካይዳ ተጻባእትና ኣዳቐቕና ስለ ተገንዚብናዮ፡ ብውሽጥን ብወጻእን ብዉህደት ብፍጥነትን ትብዓትን፤ እቲ ዝግባእ መልሲ ንምሃብ ኩሉ መዳያዊ ንጥፈታት ተወዲቡ፡ እዚ ዘሐብን ሓያል ዘይሃስስ ዝኽሪ ዘትረፈ ሰልፊ ድማ መንቀሊ ነቶም ዲሒሮም ዝተሰላሰሉ ስርሓት መኸተ ኣመትን ጸዓትን ፈጢሩ። እቲ ንጥፍኣትና ዝተኻየደ ዝሑል ኩናት......

*.......ብሳላ እቲ ስሙር መኸተ፡ ትልሚ ተጻባእቲ ፈሺሉ፡ እቶም ሕቡናት ዜጋታት ዜግነታዊ ግብኦም ፈጺ ምም፡ ሎሚ፡ እታ ሰባት ከተሳናብድ እተቓነየት፡ ዓው ኢሎም ወግሐ-ጸብሐ ዝደርፍዋ ዝነበሩ፡ ደርፊ-ሶማል፡ ህጣማ ጠፊኣ።*

ምስ'ዚ ኩሉ ክዝርዝር ዝጸናሐ ዕንቅፋታት፡ ተገዲደና ዝተጸመድናሉ ኵናት፤ እዚ ኣብ ላዕሊ እተገልጸ፤ እቲ ኻልእ ድማ፡ እቲ ገዛና ከነጸባብቕ ተጸሚድናሉ ዝጸናሕና ዝዓበየ ጾር፡ ሓንሳብን ንሓዋሩ ራህዋ ህዝብና ዘስፍን፡ ማሕበራዊ

ፍትሒ ዘውሑስ ፡ ጸጥታን ድሕነትን ንምርግጋጽ ኮይኑ፤ ብዙሕ ሰጕምና፡ ዝዓመምናዮ ብግቡእ ክግምገም ከሎ፡ ምስ እዚ ኩሉ ዕንቅፋታት'ዚ፡ ሎሚ እዛ ሃገር፡ ኣብ ሓደ ዝበረኸ ጥርዚ ናይ ሓደ ገዚፍ መቕይሮ፡ ምዕሩይን ሰፊሕ ዝዝርገሐኡ ንኹሉ ዘሳትፍ ምዕራፍ መጻኢ ኣረጋጊጽና ኢና። ሳለ ስኒ ምንካሰ ጅግና ሓይልታት ህዝባዊ ሰራዊትና፡ ሳለ ጻዕራም ህዝብና፤ ሳላ ጥንቁቅ ወረጃ ኣተኣኻኺሉ ኣካዊኑ ሃገር ዝመርሕ ዘሎ ተባዕ መንግስና። (ሞጎስ ከኣ ይብጽሓዮም)



ዝንበብ ሓቒ!

*........ሕጂ እውን ነዚ መላሲ ዘይብሉ ግዙፍ ቁጣባዊ ከይዲ'ዚ ንምዕንቃፍ፡ ከም ኣመሎም....* ኣብ ሓደ ናይ ሓሶት ታኬላ ክቖማጥዑ መሪጾም ኣለዉ፡ ንሕና ድማ ነቲ ሓሶት፣ ብሓቒ ክንትክእ፣ ልዕሊ 14 ዓመት ክንከይድ ኢና ጸኒሕና። ሕጂ'ውን፡ ነዚ ዓቕሊ ጽበታዊ ንቕሎ ሓድሽ መሰል ውስልትና፡ ተተምንዮም ካብ ሓደ ኢደ ወስላታ ናብ ካልእ ኢድ ዝመሓላለፍ፣ ኣብ ዝተፈላለየ መጋባእያታትን፡ ማዕከናት ዜናን ዝጻፋዕ ዘሎ ሃለኽለኻት፡ ብዓጸፌታ ክንምክት ንዕደም፡፡

*.......ስለ ዝኾነ.. ሓንሳብን ንሓዋሩን፡...* እዚ ከይተበገሰ ሰንከልከል ዝብል ዘሎ ውስልትና ፡ መወዳእታ ገጽ መዕጸዊ ናይ'ቲ ምዕራፉት ምዃኑ ስለ ዝሕብር፤ ብኣጋጣሚ ዝኽሪ ሳልሳይ ዓመት ዓለም-ለኻዊ ሰልፊ 22 የካቲት፡ ነዚ ዘዕለብጥ ዘሎ ዓቅሊጽበታዊ ተልእኾ፡ ከም ቀደምና ከም እነፍሽሎ፡ ሕሉፍ ውህሉል ተመክሮና ዝምስክሮ ህያው ሓቒ ባዕሉ ስለ ዝሕበር፤ ሃየ ደቂ ኤረ ኣብ ጎደና መኸተ፡ ኢድ ንኢድ ተታሓሒዝና ንቕድሚት።

ዓወት ንሓፋሽ!

መኸተና ክዕወት'ዩ!!

22 የካቲት 2010 ኣብ ታሪኽ ወትሩ ክንዝክራ ኢና!!!

ዋሺንግቶን ዲሲን ከባቢኣን። 2/16/2013